**22/05/2009**

# ብምኽንያት ጽንብል ባዓል ናጽነት ኤርትራ ካብ ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ወጋሕታ ዝተውሃበ መግለጺ

## ዓሰቢ ናጽነትና ዝጨወየ ጉጅለ ኢሳይያስ ሓርነታዊ ቃልስና'ውን ክጨዊ ዕድል ክወሃቦ የብሉን።

ዝኽበርኩም ምልኣተ ህዝቢን ሰራዊትን ኤርትራ፡ ዝኽበርኩም ኣብ ደንበ ሕውነታዊ ቃልሲ ረጊጽኩም ሰላማውን ጎነጻውን ቃልሲ ኣብ ምክያድ ትርከቡ ደሞክራስያዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ዝከበርኩም ኣብ በዓል ናጽነትና ባህታ ዘለኩም ኣብ ጸገማትና ትደናገጹልና ንናይ ሓባር ጸላኢ ብሓባር ተቃሊስና ንዓወት ዝበቓዕና ጎረባብትናን ማሕበረሰብ ዓለምን፡ ዝከበርኩምን ዝከበርክንን ሎሚ ድሕሪ ናይ ፍርቂ ዘመን መሪር ቓልሲ ቅድሚ 18 ዓመት ናጽነትና ዝጨበጥና ድሒሩ'ውን ብወግዓዊ መገዲ እወ ናጽነትና ኢልና ኣብ ዓለም ትፍለጥ ሃገረ ኤርትራ ዝመስረትናሉ ኣጋጣሚ ነክብረሉ ዕለት'ዩ ዮሃና ድማ ንብል።

ሎሚ ነክብሮ ዘለና በዓል ናጽነትና ካብ ጥሜት፡ ድንቁርና፡ ካብ ሕማምን ስደትን፡ ካብ ማእሰራትን ሞትን ተላቒቕና ኣይኮነን። 'ታይ ደኣ ኩሉ ጸገማት 'ዛ ሃገር ዛይዱ ዳግመ ሂወት ኣብ ዝሓተሉ ዘሎ ሕማቅ ኣጋጣሚ ኮይና ኢና ነክብሮ ዘለና። ኣስታት ሓሙሽተ ሚልዮን ህዝቢ ኣብ ዘለዋ ሃገር ካብ ሓደ ሚልዮን ዘይናኣኣስ ቑጽሪ ዘለዎ ህዝባ ኣብ ደገ መንበሪ ጌሩ ብዓይኒ ማዕዶ ሃገረይ ሎሚ ብማዕዶ ጽባሕ ምሳኺ እናዘመረ ዝነብር ዘሎ ኮይኑ ካብቲ ዝተረፈ ህዝቢ ድማ ልዕሊ 1.7 ሚልዮን ናይ ህጹጽ ረድኤት ነብሲ ኣድሕን ሓገዝ ዘድልዮ ህዝቢ ሒዝና ኢና 'ዛ ብጽመዋ ዝበሓቶ ትበዓል ዘላ በዓል ናጽነትና ነክብራ ዘለና።

ኣብዚ በዓል ነብዕለሉ ዘለና ኣጋጣሚ’ኳ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ዜጋታትና ስግረ ዶብ እናዋሓዙ፡ ገሊኦም’ውን ብግፍዒ እናተረሸኑ ኢና ነክብራ ዘለና። መንእሰይ ዘቡኡ ብግዲ ናብ ወተሃደር ተዐስኪሩ ኣብ ፍቐድኡ ብሎኮታትን ኣብ ፈቐዶ ኩነርንዓት ከተማ ክሳዳትን ዝእሰር እናተሃደና’ዩ ‘ዚ በዓል ዘብዕሎ ዘሎ። ሰብ ኩሉ ካብ ቤቱ ከይወጽእ ጅሆ ተታሒዙ መዓስ’ኮን ‘ታ በዓል ሓሊፋ እቲ ተፍትሽን ምክልባትን ይሓልፍ ይከውን እናበለ ኣብታ ዝለሓስ ዝቅመስ ዘይብላ ሑልፍኛ ኣኣደድ ቤቱ ተኮርምዩ’ዩ ‘ዛ ንፌስታን ደስታን እናጎየልካ ጎደናታት ሃገርና ንምምዕራግ ዘይተዓደለት በዓል ናጽነትና ትበዓል ዘላ። ከምቲ ሃጸይ ሃይለስላሰ ኣብ ወሎ ኣሽሓት ህዝቢ ብክቱር ዓጸቦ እናሃለቁ ኣብ ቤተመንግስቶም ውዛ ዘበለ ድግስ ዝድግሱ ዝነበሩ ሕጂ’ውን መላኪ ኢሳይያስ ህጻውንቲ ኣብ ሆስፒታላትን:ኣብበየቤቱን ብሕሱም ዓጸቦ ካብ ኢድ ኣዴታቶመ  እናምለጡ’ውን ’ቲ ርሙስ ስርዓት ግና በዓል የብዕል ኣለኩ ኢሉ ንሃሱሳቱን ደገፍቲ ኢና በሃልቲ ሃገራትን ዓዲሙ ይእንግድ ኣሎ።

ዘይናትካ ኣይናትካን’ሞ ካብ ኢሳያስ መፍትሒ ክርከብ’ዩ ተባሂሉ ስለዘይሕሰብ ድማ ህዝብን ሰራዊትን ንመደረ ‘ቲ እኸይ መራሒ ኮነ ነቲ ጽንብል ኣበዓዕላ መዓልቲ ናጽነት ቐልቢ ገዚኡ ሰብ ክከታተሎ ወድዓዊ ኩናት ኣይኮነን። ‘ዚ ዝኮነሉ ዘሎ ምኽንያት ድማ ሰናይ ባህግታት ህዝብናን ስእለተ በጃ ዝሓለፉ ስውኣት ጀጋኑናን ካብ ብጊሓቱ ስለዝተጨወየ፡ ዕላማታት ናይ ናጽነት ብረታዊ ተጋድሎና መሬት ደኣ ሓረረት’ምበር ህዝባስ ዝረከቦ ዋላ ሓንቲ ጥር ትብል ረብሓታት ስለዘየለ’ዩ።

ጀጋኑ ስውኣትና ሕጂ ንመሬት ጥራሕ ንሰዋእ ጽባሕ ድማ ኣቱም ትውለዱን ካብ መስዋእቲ ዝተረፍኩምን ሕድሪ ተኩልኩልኩም ተሰውኡ ኢሎም ኣይነበረን። ድሕሪ ውድቀት መግዛእቲ ደርጊ ተመሊስካ ዝፈሰሰ ደም የለን። ሰናይ ጉርብትና ዝዓሰሎ ኣብ ሓቢርካ ምጥቅቃም ዝተሰረተ ፖሊሲ ወጻኢ ጉዳያት ቀይስና ኣብ ሃገርና ናይ ሃይማኖትን ብሄራትን ማዕርነት ተረጋጊጹ ርግእቲ ሃገር ወኒና ንሰላምን ደሞክራስን ንቁጠባዊ ብልጽግናን ምዕባለን ክንምርሽ ኢና፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ከም ሮማዲ ስጋብ ዳት ሆነ ልዑላዊ ግዝኣት ክሰፋሕፍሕ’ዮም፡ ሽዑ ባህጊ ህዝብና ተማሊኡ ስውኣትና ቅሰኑ ብኣኩም ዝተረከበ ዓወት ርህውቲ፡ ብልጽግትን

ሃገር ክንውንን ኄርኩምና ንዘልኣለም ክቐስኑ የዕጽምትኩም ዝተቐረበላ ደምኩም ዝተኮዓወላ መሬት ከይትብሕጎግ ሓምለዋይ ኣልቢስናያ ኣለና ብጽላል ቅሰኑ፣ማያዊ ባሕርና ካብ ሓደገኛ መርዛም ሓተላ ኣውሒስና ንጹህ ኣየር ክትንፍስ ኄርናዮ ስለዘለና ቅሰኑ ክበሃሉ ደኣ ነበረ’ምበር በቶም ዝተውኡ ክሕዝን ኣቱም ኣካለኩም ሰንኪልኩም ዝተረፍኩም’ውን ኣካለ ጽጋኑ ኣሕዋትናን ኣሓትናን በላዒ ነብሲ ኢሳይያስ ኣምጺእኩም ካብ ደርጊ ብክልተ ዕጽፊ ዝበኣሰ ባርነት ክንርኢ ኄርኩምና ኣለኩም ተባሂሎም ክንቀፉ’ዮም ኢሎምሲ ሓሊሞሞ ኣይፈልጡን። ሕልና ንዘለዎ ከም ኢሳይያስ ጥልመት ዘይተጎልበበ ዜጋ’ሞ ካብዚ ዝዓቢ ናይ ሕልና ሰንበራት ማህሰወቲ ‘ታይ ክገጥሞ ይኽእል?

ሰሪቃስ  ተትሓንከልካ ከምዝበሃል ድማ ብስም ስውኣትና እናመሓለ ሕጂ’ውን ነቲ ተኮሊፉ ዝተረፈ ባህግታት ናጽነት ንምምላስን ሙሉእ ሃገራዊ ሓርነት ንምጉንጻፍን ዝገበር ዘሎ ደሞክራስያዊ ቓልሲ እንደገና ንምጭዋይ ስርዓት ኢሳያስ ከይሰልከየ ይህርኩት ኣሎ።

‘ቲ ግጥም ብክልተ መገዲ’ዩ ዘካይዶ ዘሎ ሓደው ብቐጥታ ኣብ መንጎ ‘ቲ ናይ ቃልሲ ምትእክካብ ኣካል ደንበ ተቃውሞ መሲልካ ብምእታው ምክፍፋል ክፍጠርን ‘ቲቀቃልሲ’ውን ኣየምውት ኣየሕዊ ኮይኑ ረገስሞስ እና’ለ ክከይድን ኣብ ስልታዊ ኣካይዳ ‘ቲቀቓልሲ ተጻሚድካ ዋላ ሓንቲ ጥብ ትብል ስራሕ ንከይትዕመም ብምትዕንቃድ ነቶም ብኣግኡ ነቂሖምሉ ዝምክቱ ንጽኑዕ ዕላመቶም ዕያግ እናለጠፈ ስም ክስርትና እናለጠፍካ ሃገራዊ ኣይኮነን ትሕቲ ሃገራዊ’ዩዶ ወያነ’ዩ (CIA) ብኢኤኤን ወያነን ይሕገዝ ናጻ መስመር ዝሓዘ ኣይኮነን ኤርትራዊ ኣይኮነን ወዘተ እናበልካ ተነጽሎ ክበጽሓን ተኣማንነት ከየሕድርን ንምግባር ብርክት ዝበለ ፊናንሳዊ ዓቅሚ ሰሊዕካ ምስራሕ፣ ‘ቲ ካልኣይ ሜላ ድማ ካብዚ ኩሉ ናጻ ኮይኖም እቲ እከይ ሽርሒ እቲ ስርዓት ኣድቂቆም ፈሊጦም ህዝብዊ ምንቅስቃስ ዝገብሩን ባቦ’ም ዓጽዮም ንሃሱሳት ህግደፍ ኣይለሓስ ኣይቅመስ ዝበልዎም ቃልስታቶም’ውን ውጽኢታዊ ናብ ዝኮነ ደረጃ በጺሑ ዕምሪ ስልጣን ኢሳይያስ ብዝሕጽር ኣንፈት ንዝሕምበቡ ድማ ብዲፕሎማሲ ኮነ በተን ዝውንነን መራከብቲ ሓፋሽ ከምኡ’ውን ንኩሉ ዜጋ እንኣከብካ ነዚ ዘፍርስ ናይ ሓሶትን ምንካልን ተግባራት ምክያድ’ዩ።

'ታ ናይ ህዝቢ ሬድዮ ዝኾነት ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ወጋሕታ እምበኣርከስ'ዚ ደርሆ ጻሕቲራ ትረክቦ ሽርሒ ጉጅለ ኢሳያስ ብኣግኡ ገምጊማ ንኩሉ ከከም ኣመጻጽእኡ ስልዝመከተትን ንሓዋሩ'ውን ትምክተሉ ብሱል ስልቲ ስለዝኣንፈተትን'ያ ውጽእታዊት ተግባራት ተዓምም ዘላ። እቲ ኣብ ውሽጢ ኣቲካ ዝገበር ሃሰውሰው ልሙድ ተግባር ኢሳያሳውያን ኣብቲ ናይ ህዝቢ ሬድዮ ቦታ ስለዘይብሉ ኢሳያስን ሃሱሳቱን ኣብኡ ኣይሰርሑን ዝፈተንዎ ዘሕፍር ፈተነታት'ውን ገና ሓበሬታወሲዶም ካብቲ ዘዋፈርዎ ሰብ ከይተፈላለዩ ስለዝፈሸሎም ተስፋ ዝቆረጽሉ ነገር'ዩ።

ከም ቀንዲ ስራሕ ኢሳያስ ዝንበረ ኣብተን ክንጥልጠለለን ሓሲቡስ እንተቆረጸ መጽለሊ ንምስኣን ዝተሰርሓ ተግባራት እናተረባረበ ትመስሙስ ክብለ'ዩ ዝመረጸ ገና ኣይተዓወተለንን። ክሳብ መወዳእታ'ውን ኣይክዕወተለንን'ዩ።

'ቲ ናይ ህዝቢ ሬድዮና ሓደ ኣሓይሉ ዝሰርሓሉ ነገር ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ ብዝብል ዘበን ዝሓለፎ ሃተውተው ንንበይንና ኣነባብራን መሰልን የሃልወና ንሕና ንብላዕ ንስካ ጥሜት ተላማመዶ የቅጥነካ'ምበር ኣይቸትለካን ንስካ ስራሕ ንሕና ድማ ዘዝሰራሕካዮ እንተረከብና ክንህፍትመሉ ደቅካ ናይ ጀነራላት ጊላ ንምኳን ሃበና ብናጻ ይሰርሑልና ንሕና ክንህፍትም ንስካ ጽናሕ ንሕና ክንመሃር ንስካ ጽናሕ ንሕና ናብ ዓበይቲ እስላማውያን ክንቅየር ግና'ከ ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ ኢና ኣነባብራና ከብድናን ጥራሕ'ያ ትፈላለ ዝብል ዓይንካ ተዓመት ከሽካዕልለካ ዝብል ፍልስፍና ኢሳያስ ብምቅላዕ ኣብታ ሃገር ዘሎ ዝተዓፈነ ካብ ከቢድ ማእሰርትን ቅተለትን ክሳብ ዘርኢ ምጽናት ዘሎ ሓበሬታ ንህዝቢ ንምምጋብ መነኳሕኳሕታ ክፍጠር ህዝቢ ዓለምን ኣብ ኩሉ ስፍራ ዘለው ዜጋታትና ዘለና ኣዳራዕ ክርዱእልና ንምግባር'ያ ስርሓ። 'ዚ ንምዕፋን ዘይፈንቀሎ እምኒ'ኳ ተዘይሃለወ ነቲ ብኩሉ ኣንፈት ዝመጽእ ናይ ቸቢጻ ተስፋ ምክልካላት ንምምካት ካብ ሰናይ ጉሓቱ ዓጢቅሉ ዝተልዓለ ናይ ህዝቢ ሬድዮና ገና ዓለምኡ ንምውቃዕ ኣይኣገምን።

ካሊእ ዓብይ ስልቲ ዕምሪ ስልጣን ኢሳያስ መናውሒ ዝተብሃለ ዘይሓላፍነታዊ ኣካይዳ ድማ ምስኩለን ጎረባብቲ ጽልእን ቅርሕንትይን ፈጢርካ ህዝቢ ኤርትራ በኩላ ሸነክ ብጸላኢ ተከቢበ'የ ኢሉ ተነጽሎ በጺሕዎ ዘልኣለም ምስጎረባብቲ እናተራመጸ ንኢሳያስ ከም ወሓለ ከለላ ንክቖጽሮ ዝተምሃዘ ሓሳድ ውዲት'ዩ።

መብራህቲ ህዝቢ ዝኮነት ሬድዮ ወጋሕታ ካብ በሰናይ ጉሓቱ ህዝበና ካብ ኢሳያስ ወጻኢ ጸላኢ ክመዘይብሉ ህዝብታት ጎረባብትና'ውን ህዝቢ ኤርትራ ጸላኢኣን ከምዘይኮነ ናይ ሓባር ጻላኢኣን ኢሳያስን ጉጅልኡን ምኳኑ ክግንዘባን ብሕልፊ ድማ 'ቲ ብስጋ ከይተረፈ ዝዛመድ ጽበና ነጠባ ወዲቅዎ ሓው ንሓው ከይራከብ ዕጫ ሰሚንን ደቡብን ኮርያ ዝገጠሞ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ሰናይ ዘበን ክመጽእ ምኳኑ ሕለፍ ተመሓላለፍ ኮይኑ ንዓለም መርኣያ ዝከውን ዝምድና ህዝብታት ከምንምስርትን ኣብ ርክባት ቀርኒ ኣፍሪካ መሰረት እነንብር ህዝብታትን ሃገራትን ክንከውን ከምዝገባእንም 'ዚ ንምግባር ድማ መንግስቲ ኢሳያስ ብህዝባዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎ መንግስቲ ምልዋጥ ቅድመ ኩነት ምኳኑን ምስካልኡት ናይ ቃልሲ መሓዙት ኮይና ከይተሓለለት ብዝገበረቶ ጻዕርን ብሱልን ህዝባውን መትከል መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ ተወሲክዎ ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነብሩ ዜጋታትና ካብ ካልኦት ሃገራት ብዝተፈለየ ኣተሓሕዛ ክነብሩ ብሕልፎ እቶም ካብ ብቀደሞም ኣብታ ሃገር ነበርቲ ዝነበሩ ኤርትራውያን ዜጋታት ዳርጋ ከምቲ ወዲ ሃገር ዜጋ ክነብሩ ዘግብርኣኣዋጃት ክወጽእ ተጌሩ ጉዳይ ስደተኛታት ዜጋታትና'ውን ዝሓሸ ሕውነታዊ ኣቀባብላን ኣነባብራን ክህልዎም ኢሳያስ መጸኒ ኢሎም ምዩቅ ከይበሉ በሰላም ክነብሩ ናብ ካልኦት ሃገራት ንምስግጋር ዝደለዩ ክከዱ ኩነታት ተጠጢሒሉመ ኣብ ምካድ ይርከቡ ኣለው።

ኣብዚ ሳምንቲ ድማ ኣብ እዋን ረጽሚ ኢትዮ ኤርትራ ዝተባሩ ሰብ ሃብቲ ኤርትራውያን ንብረቶምን ገንዘቦምን ካብ ወኪላቶምን ካብ ባንክን ተረኪቦም:ኣብቲ ንወጻእተኛታት ዝተፈቐደ ዓውዲ ስራሕውቲ ሃብቶም ኣውፈሮም ከትሩፉን ክህፍትሙን ዝሕግዝ ኣዋጅ ጸዲቑ ተግባራዊ ምኳን ጀሚሩ'ሎ።

ኣብ ሱዳን ንዝነብሩ ዜጋታትና ምስ መንግስቲ ሱዳን ተሻሪካ ናብ ሃገሮም ክምልሶም'የ ኣብታ ሃገር ንነዊሕ ጊዜ ዝነበሩ ተቃወምቲ ሰልፍታት'ውን ካብታ ሃገር ክወጹን ክፈራርሱን ክገብር'የ ምስ ካልኦት ጎረባብቲ ዘለዋ ዝምድናን ርክባትን ከቋርጾ'የ ኢሉ መንግስቲ ኢሳያስ ኣበርቲዑ እንተሰርሓ'ውን ማሕበረሰባዊት ድምጺ ወጋሕታ ግና ተቀዳዲሙ ተስፋ ብምቁራጽ ዜና ከጋውሕኮነ ጨንፈር ቤትጽሐፈቱ ክዓጹን ኣይገበሮን። እኳደኣስ ብዘለዎ ስጡም ዝምድንን ንክልቲኡ ሃገራት ዝጠቅም ዕላማን ምክንያት ዋላ ሓደ ዝትንክፍ ነገር ከምዘይለ 'ቲ ዝተብሃለን ካልኦት ትልምታት'ውን ንዲፕሎማሲ ሃልክታት ካብ ምኳን ዘይሓልፍ ምኳኑ ተረዲኡ ኩላ ኣብ ሱዳን ዘላ ህውከት ነገርን ጓል ነገርን ኢድ ኢሳያስ ከምዘለታ 'ዚ ድማ ኣቀባጢርካን ምስኡ ተለማሚጽካን ዘይኮነስ ዕምሪ ስልጣን 'ዚ ናይ ኩናት ወልፈ ዘለዎ ጉጅለ ዘሕጽር ተግባራት ምክታል'ዩ ብዝብል መትከል ስራሕውቲ ተዓሚሙስ 'ቲ ሽርሒ 'ቲ ጉጅለ ተግባራዊ ኮይኮነ ክብርዕን ኮይኑ'ዩ። ንቐጻሊ'ውን ካብዚ ዝተፈለየ ውጽኢት ኣይክህልዎን።

'ቲ ናይ ኩናት ሓይሊ ዝኮነ ጉጅለ ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊ ጅቡቲ ብዝፈጸሞ ቅሉዕ ወራር ዝተቆጠዐ መንግስትን ህዝብን ጅቡቲ ኣብ ልዕሊ ዜጋታትና ጀሚርዎ ዝነበረ ወፍሪ ክሃድእን ኣብ ኢትዮጵያ ገጢሙ ዝነበረ ሓለፍ ዘላፍ ኣፈጻጽማታት ተወሲድሉ ጥንቓቀ ክግበርን ብዝተገበረ ጻዕሪ 'ቲ ዘስግእ ሰርቢ ደበና ተቀንጢጡ ነገራት ናብ ንቡር ቦትኦም ክምለሱን ጠንቂ ኩሉ ጸገማትና ኢሳያስ ከምዝኮነ ኢሳያስ ድማ ናይ ሓባር ጻላኢ ምኳኑ ምርድዳእ ስለዝተፈጠረ ኩነታት ክፍጠር ኣክኢሉ'ዩ።

ማሕበረሰብ ዓለም ብሕልፊ ድማ ሃገራት ኣውሮፓ ናይ ካልኦት ዜጋታት ኣብ ግዝኣተን ዝኣተው ናብ ሃገሮም ክምልሳ ከለዋ ዜጋታት ኤርትራ ግና ኣብቲ ስርዓት ብዝተፈጠረ ንርትዒ ዝረዓመ ስእሊ 'ቲ ስርዓተ  ምክንያት ናብታ ዓበይትን ትንታኖም ኮይና ዘላ ሃገረ ኤርትራ ከይምለሱ ተጌሩ'ዩ። እተን ምምላስ ጀሚረን ዝነበራ ገለ ሃገራት ዓረብ ድማ ብዝበጽሓን ዝተወሃሃደ ዝውጽ ወፍሪ ናብ ሳልሳይ ሃገር ንምልኣክ ተገዲደን'የን።

ብዓንደ ርእሱ ድማ ኣብ ውሽጥን ኣብደገን ዘሎ ህዝብና ብሕብረት ንቓልሲ ናይ ምልዕዓል መንፈስ ተፈጢሩ'ሎ። ውድባት ኪዳን መሰረተን መዐንቀፍቲ ዝብሃሉ ሰባትን ሰልፍታትን ምምማይ ተጀሚሩ ኣሎ። ኩለመዳያዊ ናይ ቃልሲ ሰልፍታት ምክታል ቕብል ኮይኑ ክሰርሓሉ ጀሚሩ ኣሎ። እዚ'ዩ እምበኣርከስ 'ቲ ውሕስነት ሓርነታዊ ቃልስና 'ቲ ዝተጨወየ ዕላማታትን ባህግታትን ናጽነትና ክውን ዝከውን'ውን ዝተነጸረን ቁርጸኛን ህዝባዊ ዒላማ ተዓጢቕካ በዝን በትን ዝመጽእ ፋሕጠርጠር ጉጅለ ኢሳያስ ክብርዕን እናገበራ ንስክላ'ውን ትኩን ትኩል የዕይንትካ ካብቲ ቐንዲ ውራይካ ከይነቀልካ 'ቲ ጉጅለ ዝንጥልጠለለን ጨናፍር ኸምናዐሪ እናመሓውካ ብምድርባይ ንቅድሚት ምምራሽ በዚ ኣጋጣሚ መዓልቲ ናጽነትና እንኣትዎ ዘይነጽፍ ሰፍ ዘይብል ንሕድሪ ሰማእታትና መሳርዑ ዘስመረ ረዚን ቓል'ዩ።

*ህዝብና ምስ ኢሳያስ ኮይንካ ዝበዓል በዓል ናጽነት ኣካሪህዎን መሪርዎን'ዩ!!*

*ድሕሪ ሕጂ ዝበዓል በዓል ናጽነት ምስ ህዝባዊ መንግስቲ 'ምበር ምስቲ ከዳዕን መዋእ ናጽነትና ዝበልዐ ጠላም ጉጅለ ኢሳያስን ክከውን የብሉን።*

*ዘልኣለማዊ ዝክሪ ንስውኣትና!! ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና!!*

*ባህጊ ናጽነትና ኣብ ሞት ጉጅለ ኢሳያስ ይረጋገጽ!!*

*ኤዲቶርያል ቦርድ ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ድምጺ ወጋሕታ!!*

*23፡ 24 ግንቦት ዓመተ 2009*